# ቅልዕቲ መልእኽቲ ንኹሉ ኤሪትራዊ ዜጋ።

### *ብኽብረ መንነትን ባህልን ህዝቢ ኤርታር ምልጋጽ የብቅዕ።*
### *ንዕለት 12/07/2008 ኣብ ከተማ ፋራንክፎርት ተመዲቡ ንዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ንሳተፎ።*

ነጻነት ህዝብና ህያው ክኸውን፡ ልዕላውነት ሃገርና ክረጋገጽ፡ ሓደ ፍርቂ ዘመን ዝወሰደ ፖሊቲካውን ዕጥቃውን ቃልስናን፡ ንዕኡ ንምርግጋጽ ዝተኸፍለ ሰፍ ዘይብል መስዋእትነት ናይ ምፍሻል ሓደጋ የንጸላልዎ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ፥ ወለዱ፡ ዝተኸሎ ስድራቤት፡ ትምህርቱ፡ ስሩሑ፡ ንብረቱን ሃብቱን፡ ቅሽነቱ ራሕሪሑን መኒኑን፡ እንዳ ደበለን እንዳ ዓለለን ኣብ በረኻታት ኤርትራ ብምስፋር፡ ኣንጻር ባዕዳውያን ገዛእቲ ተቓሊሱ፡ ተሰዊኡ፡ ኣካሉ ጎዲሉ፡ ዝረኸባ ነጻነት ከየስተማቐራ ኣብ ዳግማይ መግዛእቲ ህግደፍ ተቖሪኑ ይርከብ

ሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእታት ኣልጊስካ፡ ብሕግን ፍትሕን ትማሓደር፡ ሰብኣዊ መሰላት ዜጋታት ተኽብር፡ ብልጽግናን ምዕባሌን ተኸሲቱ፡ ሃብቲ ሃገር ብማዕረ ብዘይ ኣድልዎን ምዝመዛን ዜጋታታ ተጠቀምቲ ኮይኖም ፡ ኤርትራ ቅሳነትን ሰላምን ዝሰፈና ሃገር ክትከውን ዝነበረ ዕላማን ድልየትን ህዝብና ተጠሊሙ።

ብኣንጻሩ ስቅያት ህዝብናን ሃገርናን ካብ ክፉእ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት ተሳጊሩ ይርከብ።

ህግደፍ ምስቶም ዝነበሩ ባዕዳውዛን ገዛእቲ ክመዛዘን እንከሎ ኣዝዩ ሕሱም ምኻኑ ህዝብና ይገልጾ ኣሎ።

ብዛዕባ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና፡ በዚ ስርዓት ዝፍጸሙ ዘሎዉ ኣረመናዊ በደላት፡ ገሊጽካ ዝውድኡ ኣይኮኑን። ሽግር ህዝብናን ሃገርናን መወዳእታ ክህልዎ እንተኮይኑ ግን፡ እታ ሓንትን እንኮን ኣማራጺት ተግባር፡ ምልጋስ ናይዚ ስርዓትዚ ከም ምኻና መጠን፡ ቀዳማይ ዕማም ናይ ቃልስና ክትከውን ይግባእ። ኩሉ ኣገባብ ናይ ቃልሲ ድማ ክንጥቀም ኣሎና።

ንሕና እዞም ኣብ ስደት ንርክብ ኤርትራውያን ብቐረባ ክንገብሮ ንኽእል፡ ነቶም ኩሎም በዚ ኣረመናዊ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ስርዓት፡ ስልጣኑ ንምድልዳልን፡ ህዝቢ ንምድንጋር ዝምድቦም ኣኼባታትን፡ ፈስቲቫላትን፡ ናይ ገንዘብ ውጽእታትን ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታትን ምምካን እዩ።

ኣብዚ ወርሒዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገርታ ፈስቲቫላት ንምግባር ህግደፍ የዳለዉ ኣሎ።

እዚ ዝግበር ዘሎ ናይ ጓይላን ዳንከራን ፈስቲቫላት ካኣ፥

-ኣብ ልዕሊ ሬሳታት ኣብ ዶብ ኤርትራን ጂቡትን ዝሞቱ ዘለዉ ኣሕዋትና፡

-ካብ ጭቆናን ምዝመዛን ባርንትን ንምህዳም ኣብ ፎቆዶ ሳሃራን ቀላይ ባሕሪ ዝጠፍኡ ዘለዎ መንእሰያት ኣሕዋትና፡

-ብዓይብኡ ድማ ኣብታ ዓባይ ቤት-ማእሰርቲ ዝኾነት ሃገርና ኤርትራ፡ ብኣረመናዊ ተግባራት ናይ ህግደፍ ዝሳቐን ዝመውትን ዘሎ ህዝብናን፡

-እቶም ንዓማታት ተቓሊሶም ኣቃሊሶም፡ ኣካሎም ጎዲሎም ነጻነት ዘምጺኡ ነበራት ተጋደልቲ ኣብ ቤት ማእሰርታት ዝሞቱን ዝማስኑን ዘለዉ፥ ቤተሰቦም ይኹኑ ህዝቢ ሃለዋቶም ከይፈልጥ ተኸልኪሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ዝግበር ዘሎ ብምኻኑ ክዕገትን ክፈሽልን ይግባእ ።

ዋላ እኳ ክንዓግቶ ኣይንኽኣል ኣዳራሻቶም ጸምይዎ ከምዝውዕል ግን ክንቃለስ ኣሎና።

እዚ ናይ ቃልሲ ተበግሶ ድማ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ዝምልከት እዩ። ናይ ህዝቡ ስቅያትን ናይ ሃገሩ ዕንወት ብምስትንዓቕ ኣብ ፌስቲቫላትን መደባትን ናይ ህግደፍ ዝሳተፍ ኣካል፡ ብሕጊ ክንተሓሓዞ ምኳና በዚ ኣጋጣሚ ብጥብቂ ንሕብር።

እዚ ድማ ንሓተቲ ዕቑባ ጥራሕ ዘይኮነ ኣንኮላይ ነቶም ናይ ጀርመን ዜግነት ዘለዎም ኤርትርውያንን፡ ንመርሕቲ ሃይማኖትን ዝምልከት ጉዳይ እዩ።

*__መተሓሳሰቢ__*

*__ንሓተቲ ዕቑባ ዝምልከት( ንዝሰለጦምን ገና ኣብ መሰርሕ ምስላጥ ንዝርከቡ)።__*

ኩሉ ሓታቲ ዕቑባ ዘቕርቦም ፖሊቲካዊ ይኹን ሃይመናታዊ ምኽንያታት ማእከሎም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝገበሩ እዮም። ብመኽንያት እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ግፍዕታት፡ መቐበሊ መሰል ናይ ዕቅቦኦም ምኳኑ፡ ዘይካሓድ ሓቂ እዩ። ብሕጽር ዝበለ ብዋጋ ክብርን መንነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝዋሃቦም ዘሎ መሰል ምኳኑ እዩ።

መሰል ዝዋሃቦ ግቡኡ ከማልእ ካኣ ይግበኦ። ግብኡ ዘየማልእ መሰሉ ከምዝሕደግ እውን ብሕጊ ዝተፈቕደ እዩ።

እምባኣርከስ፥

-ኣብ ቆንስላዊ ቤትጽሕፈት ብምኻድ ናይ ንስሓ(ጣሕሳ/ተጋጊየ) ሰነድ ምፍራም

-ድሕሪዚ ሰነድ ምፍራም 2% ገንዘብ ከተማልእ ድልውነትካ ምርግጋጽ

-ኣብ ህግደፍ ተወዲብካ ፡ ኣብ ዝገብሩ ኣኼባታትን ፌስቲቫላትን ብምውሳእ፡ ገንዘባውን ሞራላውን ፖሊቲካውን ደገፍ ንህግድፍ ምሃብ ማለት፡ ኣካል ናይቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸሙ ዘለዉ ግፍዕታት ምኳንካ ዘረጋግጽ እዩ።

እዚ ካኣ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣሎዎ። እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ተግባራት፡ ንሓተቲ ዕቑባ ክሳብ ናይ ተዋህብዎም ዘሎ መሰል ዘሰርዙ እዮም።

ብመሰረት እዚ ክግለጽ ዝጸንሐ ተግባራት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተቓወምቲ ውድባት ካብዚ ሓቕታትዚ ተበጊሰን፡ ጥቡቕ ምክትታል ክገብራ ምኳነን ተሰማመዐን ኣሎዋ።

ንሱ ካኣ፥
-ፖሊቲካዊ ንጥፈታት ናይቲ መሰነይታ ወርቐትን ናይ ኣባልነት መንነትን ዝተዋህበ ባእታ ምክትታል እዩ።
-ኣባልነቱ ኣኽቢሩ ግቡኡ ንዘይፍጽም ባእታ፡ ዝተዋህቦ ሰነዳት ክሳሓብ።
-ፖሊቲካዊ ንጥፈታቱ ከምዘይከታተል ንዝምልከቶ ቤት ጽሕፈትን ጠበቓን ምሕባር።
-ድሕሪ ሕጂ ንስለ ምትሕብባር ተባሂሉ፡ ግቡእ ናይ ተቓውሞ ፖሊቲካዊ ንጥፈታት ኣንጻር ህግደፍ ዘየማልእ ባእታ ዝኾነ ደገፍ ከምዘይዋህቦ ምግባር።
እዚ ድማ ንዝተቐበልዎን ንዘይተቐበሎውን ባእታ ይምልከት።

*__ነባራትን ናይ ጀርመን ዜግነት ዘለኩም ኣካላት፡__*
ህግደፍ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዘየኽብር፡ ኣብ ናይ ራዕድን ግብረ-ሽበራን ተግባራት ተዋፊሩ ዘሎ ኣረመናዊ ስርዓት ምኳኑ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ስለዚ እቶም ናይ ጀርመን ዜግነት ዘሎዎም ባእታታት ንመሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላት ክጣበቑ፡ ኣንጻር ራዕድን ግብረ-ሽበራ ክቃለሱ ሕጊ ጀርመን የገድዶም እዩ። ስለዚ ነዚ ሕጊ ጥሒሶም ንህግደፍ ኣብ ፖሊቲካውን ሞራላውን ገንዘባውን ደገፍ ንምሃብ ተዋፊሮም ዝርከቡ ሰባት ብሕጊ ክኽሰሱ ከምዝኽእሉ ክፈልጡ ይግበኦም። *__ብፍላይ ኣደታት ከማኻትክን ዝኣመሰላ__*

*ኣብ ሃገርና ዝርከባ መሓዙትክን፡ ብመኽንያት ስቕያት ደቀን ብሓዘን ተደንሰን ኣብ ገዛ ተኾርምየን ክነሰን፡ ንስኻትን ተቐንንክን፡ ተሰሊምክን፡ ጻዕዳ ተኸድንክን ኣብ ናይዚ ኣረመናዊ ስርዓት ፌስቲቫላትን ኣኼባታትን ከተውደድኻ ክትውዕላ፡ ብገበን ዘሕትተክን ተግባራት ምኻኑ ክትፈልጣ ይግባእ።ቦኽርክን ክትውዕላ ብስም እተን ዝሳቐያ ዘለዋ ኣደታት ንላበወክን።*

*ጻዊዕት ንመራሕቲ ሃይማኖት*

4- መራሕቲ ሃይማኖት ተጣበቕትን ተኻላኸልትን ናይቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብኹም ዝፍጸም ዘሎ ኣረመናዊ ተግባራት ኣብ ክንዲ ምኻን፡ ደገፍትን ኣገልገልትን ናይ ህግደፍ ምኻንኩም ኣብ ቕድሚ ኣምላኽ ብሓላፍነት ዘሕትቶም ገበን እዩ። ስለዚ ህዝብኹም ካብዚ ወርድዎ ዘሎ ሽግር ክላቖቕ መንፈሳዊ ደገፍኩም ለግስሉ። በዚ ኣረመናዊ ስርዓት ዝምደቡ መደባት ከይትሳተፉን ከይትባርኩን ንማሕጸነኩም። ነዚ ምሕጽንታ ናይ ዝሳቐ ዘሎ ህዝብኹም ዕሸሽ እልኩም፡ ኣብ መደባት ናይ ህግደፍ ንትሳተፉ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምእንቲ ውጹዕ ህዝቢ ከነገልግል ኢልኩም ዝገበርክሞ ማሕላ፡ ትጠልሙ ከምዘለኹም ነተሓሳስኩም። ኣሉታዊ ሳዕበኑ ካኣ ህዝቢ ካብ ቁምሱናኹም ንክርሕቕ ክግደድ ምኻኑ ከተስተባህሉ ኣሎኩም።

ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍን ዓንገልቱን።
ዓወት ንቃልሲ ህዝብና።
ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና።

ተቓወምቲ ውድባት ኣባላት ኤ.ዲ.ኪን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን፡ ፖሊቲካዊ ምንቅስቓሳትን ግዱሳት ውልቀሰባትን ኣብ ሃገር ጀርመን።
ፍራንክፉርት 5/07/2998

ጊዝያዊት ናይ ሓባር ሽማግለ።